ሓዲሽ ሓበረታ ብዛዕባ ኮሮና

# CORONA

TIGRINJA

ቁጽሪ 16

መስከረም2020

## መንእሰያት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ክተሓጋገዙ ዮም።

**ሰበስልጣናት  ኣውራጃ ካልማር ሓገዝ መንእሰያት ክወስዱ ደልዮም።ንሳቶም ከኣ ንኻልኦት መንእሰያት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስን ከመይ ጌርካ ትከላኸልን ክሕብሩ'ዮም። ናይ" ኮሮና ኣምበሳደራት" ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም።**

**መንእሰያት ኣብ ነንሕድሕዶም ሓበሬታ ኣብ ምልውዋጥ ንፉዓት'ዮም። ካብ ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ዝመጽእ ሕግታት ኣብ ምስዓብ ግን ንፉዓት ኣይኮኑን።**

ስለ'ዚ ከኣ ዞባዊ ባይቶ:ኣውራጃ ካልማርን ምምሕዳራትን መንእሰያት ብዛዕባ ኮሮና ቫይረስ ዝያዳ ክመሃሩ ዝደልዩ። ሽዑ ንኻልኦት መንእሰያት ክሕብሩ ይኽእሉ። ናይ "ኮሮና ኣምበሳደራት" ክኾኑ ኣብ ቤትትምህርቶም ከመልክቱ ኣለዎም።

ብድሕሪኡ እዞም ኣምበሳደራት ናብቲ ናይ ትምህርቲ መዓልቲ ይዕደሙ። ኣብኡ ክኢላታት ናይ'ዚ ዞባ'ውን ኣለዉ። ሰብ ከመይ ጌሩ ንነብሱን ንኻልኦትን ይከላኸል ከኣ ይነግሩ።

ካብ P4 Kalmarን ኣውራጃዊ ባይቶን ዝመጹ መምህራን'ውን ኣለዉ። ሰብ ዝተረጋገጸ ሓበሬታ ብኸመይ ከም ዝረክብ ከኣ ይዛረቡ።

ንነብስወከፍ ኣምበሳደር  ዝከታተል ሰብ ኣሎዎ።

**ሓበሬታ ኣብ ኣብያተትምህርቲ**

ኣብ መበል 38 ሰሙን መንእሰያት "ኣምበሳደራት" ክኾኑ እንተ ደልዮም ናብ ቤት ትምህርቲ ከመልክቱ ኣለዎም። ዳርጋ ኩሎም ካልኣይ ኣብያተትምህርትን ኮለጃትን ከኣ ኣብኡ ኣለዉ።

50 ተመሃሮ ናይ ኮሮና ኣምበሳደራት ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። እዚ ተልእኾ ኣብ ምሉእ ቀውዒ'ዩ ክፍጸም። ኣብ ታሕሳስ ናብ ሓላፊ ዞባ ተዓዲሞም ዲፕሎማኦምን ናይ ትምህርቲ ምስክር ወረቐቶምን ክቕበሉ'ዮም።

**ለበዳ ይቕጽል'ዩ ዘሎ**

ለበዳ ይቕጽል'ዩ ዘሎ

ለበዳ ኣብዛ ሃገር ይቕጽል ኣሎ: ግን ብኻልእ መንገዲ። ናይ ህዝቢ ጥዕና በዓል ስልጣን ብዙሓት ብሓደ ግዜ ዝልከፍሉ ከባብያዊ ምልባዕ የጋጥም ከም ዘሎ ይዛረብ።

ኣብ ቤት ትምህርቲ: ኣብ መንጎ የዕሩኽ ወይ ኣብ ቦታ ስራሕ መጋጥም ይኽእል። ሽዑ ሕግታት እንደገና ክተሩ ይኽእሉ።

- ኣብ ኣውራጃ ካልማር ከባብያዊ ምልባዕ እንተ መጺኡ ድሉዋት ኢና : ትብል ዳይረክተር ምድሳው ቅልውላው ኣብ ኣውራጃዊ ባይቶ ዝኾነት ኣና ኖርሌን።
- ንኣሽቱ ሰባት ልክዕ ከም እኹላት ሰባት ኣብዚ ሕብረተሰብ ኣለዉ። ስለዚ ከኣ ነዚ ለበዳ ንኽየላብዑ ንሶም’ውን ናይ ግድን ሕንቁቓት ክኾኑ ኣለዎም። እዚ ሕማም ብዘይ ምልክታት ክሕዞም ይኽእል'ዩ።

ናይ ኮሮና ኣምበሳደራት ኣገደስቲ ክኾኑ እዮም። ብተወሳኺ ብዙሓት ከመልክቱ ንትስፎ።

**ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ "ኮሮና ኣምበሳደራት"**

**(ብቛንቋ ሽወደን ጥራይ)**